# ወርሓዊ ድራር መኸተ - ስነ-ጥበባውያን ንኸብሪ፡ ኣቦና ሓርበኛ ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ!

ከም ወትሩ ሎሚ እውን፡ እቲ ኣዴታት መኸተ ኣብ ወወርሒ ክካየድ ዘበገስኦ ምትሕቑቛፍ ድራር መኸተ ኤርትራውያን፡ ቀንደል'ቲ ቅዱስ ሸግ፡ ካብ ኢድ ናብ ኢድ ከም ዝሰጋገር ቀንዲል፡ ዜጋታትና በብ'ቲ ዘለዎም ምንቅስቓስ፡ሞያዊን ማሕበራውን ምትእኽኻብ፡ ነዚ ቅዱስ ዕላማ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓመርዎን እናጸበቐዎን፡ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ሕሉፍ ብዝኾነ ምስንዳእን ምቅርራብን፡ እናሃብተመ ዝያዳ ሰሓብን መሳጥን፡ መመሊሱ ተናፋቕን እናኾነ ይስጉም ኣሎ። ኣንበብቲ ብሓደ ቓል፡ ከመይ ድኣ ዘይምዕርግ! ዘይማሙቕ፡ ዘይስጉምን ከም እትብሉ'ውን ፍሉጥ እዩ፡፡ ከመይሲ፡ እቲ ሕቡን ዜጋ ዝዓጠቐሉ ውራይ፡ ኩሉ'ቲ ፈጣሪ ክእለትን ተበላሕነትን ዝውንን ህዝቢ ክሳብ ዘሎ፡ ኩሉ ሽሻይን ጸጋታታት ድማ ኣብ ውሽጡ ኣሎ።



## ኣሳናዳእቲ ድራር መኸተ...ስነ-ጥበባውያን

ናብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ቀዳም 28 ጥሪ መደብ ክንመልሰኩም፡ በቲ ስልማት ኣዳራሽ ክንጅምር፡ እትው ኢልካ ነቲ ዉቁብን ግሩምን ኣሰላልማ ኣዒንትኻ ኮሊለን ምስ ፈተሻ፡ ባህታ ዝፈጥረ ምርኢት ምስ ተቛመትካ፡ ብዘይ ምውልዋል ኢድ ስነ-ጥበባውያን ከም ዝሓለፎ እቲ መናድቕ ባዕሉ ኣፍ ኣውጺኡ እዩ ንሕቶኻ ዝምልስ። ብሓቂ መንደቕ ተዛሪቡ...ሰብ ገዲፎም መንደቕ ዘዛርቡ ስነ-ጥበባወያን፡ ነቲ ምሸት ብሓልዮት፡ እተፈላለየ ስነ-ፍለጠታዊ ሞያ ዝዓጠቁ፡ ዓጢቖም ወንን ፍልጠትን

ዘመንጭዉ ዜጋታት እዩ ተወዲቡ። “ጋንታ ከቢረ” ሓደ ካብ’ቶም ዓበይቲ መራሕቲ ምንቅስቓስ ናጽነት ኤርትራ፡ መጀመርታ ህይወቶም ዝወፈዩ ሓርበኛ ኣቦና ስም ለቢሶም ከኣ እዮም ተዳልዮም።

መራሕ መደብ ነቲ ትሕዝቶ ናይ ምሸት ምስ ኣላለየ፡ ንኣሽቱ ቖልዑ ኣሰር ስነ-ጥበባዊ ዓውዲ ዝትልሙ ዘለዉ ንመድርኽ ተቐቢሎም በቲ ጥዑም ልሳን፡ ደስታ ዘስንቕ ምርኢት ንተሳተፍቲ ኣቕሪቦም።



## ምርኢት ቖልዑ...ኣሰር ኣብ ስነ-ጥበብ

እቶም ኣብ’ቲ ዓውዲ ስነ-ጥበብ፡ ብድርሰት፡ ብምልሃይ፡ ብምውሳእ፡ ብግጥሚ፡ ብምምዳር፡ ብምስኣል፡ ብምጽብባቕን ኮታ ብኹሉ መለክዒ ልዑል ብቕዓት ዝውንኑ ዝና ዘትረፉ፡ ኣብ ብርታዊ ቃልስን፡ ህንጸትን ምክልኻል ሃገርን፡ ብስነ-ጥበባዊ ሓይሎም ዝመከቱን፡ ተጻብኦታት ዘምከኑን ኪኢላታት፡ ኣብ’ቲ ምሸት’ውን ካብ’ቲ ስነ-ጥበባዊ ሽሻዮም ንተሳተፍቲ ድራር መኽተ፡ ዝተፈላለየ በረከት ኣቕሪቦም።
ልቢ ተሳተፍቲ ዝማረኸ፡ ንኩነታት መኽተና ዘንጸባርቕ ግጥምታት፡ በቶም ዓበይቲ ደረስቲ ተነቢቡ፡ ሃገራዊ ዜማታት ምስ ቅኒት ሙዚቐኛታት ዋሕዚ ተላሃይቲ፡ ዋዛ ምስ ቁዉም-ነገር ብዘይ ብቂ፡ ነቲ ምሸት ድሙቕን ፍሱህን ጌርዎ።
ቀረብ ዝብላዕ ዝስተ ሽሻይ፡ ብልግሲ ካብ’ቶም ኣብያተ-መግቢ ዝውንኑ ዜጋታትና ዝተወፈየ ኮይኑ፡ ከም ወትሩ ብኹሎም ተሳተፍቲ ናይ’ቲ ምሸት ዳግማይ ምስጋና ይብጽሓዮም። ውሕልነት ኤርትራውን ኣዴታት እውን ከም ኣብ ኩሉ መደባት፡ ትሕዝቶ ስዋን ሜስን ይበል ዘብል ዩ’ኔሩ።

እብ’ቲ ምሸት፡ ደቂ-ደቆምን ቀረባ ቤተ-ሰብ ኣቦና ሓርበኛ ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ኣብ’ቲ ቅዱስ ውራይ ብምስታፎም፡ በቲ ዝሃብዎ መግለጺ ብዛዕባ ትብዓትን ቅያን ኣቦና፡  ነቲ ቁውም-ነገረዊ ምሸት ዝያዳ ከም ዝኹላዕ ጌርዎ’ዩ። ምስኡ ብምክትታል ድማ፡ እታ ቅድሚ 64 ዓመት፡ ኣብ ወርሒ ሰነ 1948፡ ብኣቦና ሓርበኛ ሸኽ ዓብደልቃድር ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ቀጽሪ ናጽነት፡ ኤርትራ ንሰልፈኛታት ዝተነበት፡ ሓንቲ ካብ’ተን ብሉጻት መደረታት ናይ መበል 20 ክፍለ ዘመን፡ ንዝኽሮም ዳግም ንተሳተፍቲ ተነቢባ።



## ስድራ-ቤት ሓርበኛ ሸኽ ዓብደልቃድር ሳልሕ ከቢረ

ትሕዝቶኣ ድማ፡ ነዚ ሕጂ እንሓልፎ ዘሎና እዋን መኸተ፡ ኣብ’ቲ ሽዑ ግዜ፡ ኣብ ሃገርና፡ ድሕሪ ስዕረት ፋሽስታዊ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ብመጉዚትነት ምምሕዳር እንግሊዝ እተተካአሉ፡ ጉዳይ ናጽነት፡ ኣብ መጋባእያ ሕቡራት ሃገራት ዓለም፡ ዕንኪሊል ዝብለሉ ኣብ ዝነበረ መዋእል፡ ምስ ናይ ሕጂ ዘሎ ኩነታት፡ ንተመሳሳልነቱ ንምንጸብራቑን፡ ንስነ-ጥባባዊ ትሕዝቶኣን ጽባቐኣን፡ ብሓባር ንምስትምቓር ዝዓለመ እዩ ኔሩ። (ብፍላይ ነቲ ናይ ሓያላት መንግስታት፡ ሽዑን ሕጅን፡ ኣብ ልዕሌና ዝፍጽም ዘሎ ተደጋጋሚ በደላትን ቀጻሊ መኸተን ህዝቢ ኤርትራን)

ነቲ ኹሉ ዓበይቲ ስርሓት ብዝግባእ ከንጸባርቑ፡ ኣብ ምስናድ ደረቑን ተንቀሳቓሲ ስእልን ዕዙዝ ተራ ዝተጻወቱ መንእሰያትና ድማ ዝምስገን’ዩ። ኣብ’ቲ ምሸት ዝነበረ ኩለ-እንትናዊ ተሳትፎ፡ ብዓይነቱን ትሕዝትኡ ንኡድን ውሕሉልን ኔሩ።

ንመጠቓለሊ፡ ሓደ ካብ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ኣጋ ምዝዛም ናይ'ቲ ምሸት፡ ንዘሐደረሉ ተምሳጥ ክገልጽ ከሎ፡ "በጃኹም እዚ ድራር መኸተ፡ ኣብ ሰሙን-ሰሙን ግበሩልና" ክብል መርኣያ ናይ'ቲ ጽባቐ ምትሕቝቛፍ ርእይትኡ ኣፍሲሱ።

ኣብ ዝመጽእ 25 ለካቲት 2012፡ ድራር መኸተና ምስ **"ጋንታ ዋርሳይ"** ክኸውን እዩ፡ ብሰላም የራኽበና።

መኸተና ብርግጽ ክዕወት'ዩ!!
ዓወት ንሓፋሽ!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ዲሲን ከባቢኣን፡







